ምኒስትሪ ጥዕና

# 2019 ኖቨል/ሓድሽ ኮሮናቫይረስ (COVID-19)

ኣብ ታሕሳስ 31, 2019 ተርእዮት ናይ ዘይተፈልጡ ናይ ቫይረስ ኒሞንያ ከምዝተራእዩ ብሰበ ስልጣን ጥዕና ናይ Wuhan፣ ቻይና ተሓቢሮም። እቲ ተርእዮ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ምዃኑ ተረጋጊጹ፣ ናይ 2019 ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ወይ COVID-19 ተባሂሉ ዝፍለጥ፣ ኣቐዲሙ ኣብ ሰባት ተራእዩ ዘይፈልጥ።

## እቲ ናይ 2019 ሓድሽ ኮሮናቫይረስ (COVID-19) እንታይ እዩ፧

ኮሮናቫይረሳት ሓደ ዓቢ እንዳ ናይ ቫይረሳት ኮይናም ካብቲ ልሙድ ሰዓል ክሳብ ዝያዳ ከቢድ ናይ ምስትንፋስ ረኽስታት ከም ብሮንካይት፣ ኒሞንያ ወይ severe acute respiratory syndrome (SARS, ከቢድ ጽኑዕ ናይ ምስትንፋስ ሕማም) ዝዝርግሑ ሕማማት ከስዕቡ ዝኽእሉ እዮም።

እቲ ናይ 2019 ሓድሽ ኮሮናቫይረስ (COVID-19) መበቆሉ ኣብ ኣውራጃ Hubei ናይ (Wuhan)፣ ቻይና ዝኾነ ናይ ምስትንፋስ ረኽሲ የስዕብ።

እቲ ንመጀመርታ ኣብ Ontario (ኦንይታርዮ) ከምዝተራእየ ዝሕሰብ ተርእዮ ናይዚ ረኽሲ እዚ ኣብ ጃንዋሪ 25, 2020 እዩ ነይሩ።

ብዛዕባ እቲ ናይ 2019 ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ዝያዳ ንምፍላጥ፣ ናብ [Ontario.ca/coronavirus](Ontario.ca/coronavirus) ብጽሑ።

## እቶም ምልክታት ሕማም እንታይ እዮም፧

ምልክታት ሕማም ካብ ፎኪስ – ከም ፍሉ ከምኡ ድማ ካልእ ልሙዳት ናይ ምስትንፋስ ረኽስታት – ክሳብ ከቢድ ክኾኑ ይኽእሉ ነዞም ዝስዕቡ ከኣ ዘጠቓልሉ፣

- ረስኒ
- ሰዓል
- ጸገም ምስትንፋስ

ምትሕልላኻት ካብቲ ናይ 2019 ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ከበድቲ ኩነታት ከም ኒሞንያዊ ወይ ኩሊት ካብ ስራሕ ወጻኢ ምዃን ኣብ ገለ ተርእዮታት ከኣ ሞት ከጠቓልሉ ይኽእሉ።

እንተድኣ ምልክታትኩም ካብ ናይ ሰዓል ዝብኣሱ ኮይናም (ንኣብነት፣ ረስኒ፣ ሰዓል' ጸገም ምስትንፋስ) ከምኡ ድማ ናብ ዝተለኽፈ ቦታ ኣብ ውሽጢ 14 መዓልታት ካብ ምጅማር ምልክታት ተጓዒዝኩም ነይርኩም፣ ናብ Telehealth Ontario ብቑጽሪ ተሌፎንat 1-866-797-0000 ደውሉ ወይ ንናይ ከባቢኹም ኣሃዱ ህዝባዊ ጥዕና ርኸቡ። ([health.gov.on.ca/en/common/system/services/phu/locations.aspx](health.gov.on.ca/en/common/system/services/phu/locations.aspx)). ንምልክታት ሕማምኩምን ናይ መገሻ ታሪኽኩምን ምጥቃስኩም ኣረጋግጹ ነቶም በጺሕኩመን ዘለኹም ሃገራት ዘጠቓልል።

እንተድኣ ካብ ዝተጸልወ ቦታ ተመሊስኩም፣ ን14 መዓልታት ገዛእ ርእስኹም ክትግልሉ የድልየኩም። ኣብ እዋን መገሻታትኩም ናብቲ ናይ 2019 ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ተቓሊዕኩም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም ምስ ካልእ ሰባት ዘለኩም ርክብ ምድራት ከኣ ተወሳኺ ለበዳ ኣብ ምግታእ ክሕግዝ ይኽእል። ምኽሪ ንምርካብ ብኽብረትኩም ንናይ ከባቢኹም ኣሃዱ ህዝባዊ ጥዕና ርኸቡ።

እንተድኣ ብኡ ንብኡ ሕክምናዊ ቆላሕታ ዘድልየኩም ኮይኑ፡ ናብ 911 ክትድውሉ ከምኡ ድማ ናይ መገሻ ታሪኽኩምን ምልክታት ሕማምኩምን ክትጠቕሱ ኣለኩም።

## እቲ ቫይረስ ብኸመይ ይለባዕ፧

ኮሮናቫይረስ ብቐንዱ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብመገዲ ጥቡቕ ርክብ ይመሓላለፉ ንኣብነት፡ ኣብ ገዛ/ስድራ፡ ቦታ-ስራሕ ወይ ማእከል ክንክን ጥዕና።

## ገዛእ ርእሰይ ከመይ ገይረ ኣንጻር እቲ ናይ 2019 ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ክከላኸል ይኽእል

ኣንጻር እቲ ናይ 2019 ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ዝኸውን ክታበት የለን።

ነቲ ለበዳ ናይ ምስትንፋስ ሕማማት ዘስዕቡ ጀርምታት ኣብ ምግታእ ዝሕግዙ መዓልታዊ ስጉምትታት ኣለዉ። ናብቲ ቫይረስ ዘለኩም ትቓልዖ ንምጉዳልን ጥዕናኹም ንምሕላውን ነዞም መኣላታዊ ስጉምትታት እዚኦም ውሰዱ፥

- ኣእዳውኩም ብተደጋጋሚ ብሳሙናን ማይን ወይ ካብ ኣልኮል ብዝተሰርሑ ናይ ኢድ መንጽሂ ሕጸቡ
- ናብ እጅገ ክዳንኩም ሃንጥሱ ወይ ስዓሉ
- ኣዒንትኹም፡ ኣፍንጫኹም ወይ ኣፍኩም ምሓዝ ኣወግዱ
- ምስ ዝሓመሙ ሰባት ርክብ ኣወግዱ
- እንተድኣ ሓሚምኩም ካብ ገዛ ኣይትውጽኡ

እንተድኣ ተርእዮታት ኮሮናቫይረስ ከምዘለዎ ናብ ዝፍለጥ ቦታ ትጉዓዙ ኣለኹም፡ ነዚ ዝስዕብ ምውጋድኩም ኣረጋግጹ፥

- ናይ ልዑል ሓደጋ ከባቢታት ከም ሕርሻታት፡ እንስሳታት ብህይወቶም ዝቐርብሎም ዕዳጋታት ከምኡ ድማ እንስሳታት ዝሕረድሎም ከባቢታት ዝኣመሰሉ፣
- ምትንካፍ እንስሳታት (ብህይወት ዘለዉ ኹኑ ምዉታት) ንሓሰማታት፡ ጨቓዊት፡ ድርሁ ከምኡ ድማ ናይ በረኻ ኣዕዋፍ ዝኣመሰሉ
- ናይ እንስሳ ነጠብታታት ወይ ቀልቀላት ዘለውዎም ዝባናት/ጽፍሕታት

## ነቲ ናይ 2019 ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ዝኸውን ፍወሳ ክረክብ ይኽእል'ዶ፧

ንኮሮናቫይረስ ዝኾኑ ንጹራት ፍወሳታት የለዉን፡ ከምኡ ድማ ኣንጻር ኮሮናቫይረስ ዝከላኸል ክታበት የለን። መብዛሕትኦም ልሙድ ናይ ሰብ ኮሮናቫይረስ ዘለዎም ሰባት ባዕሎም ክሓውዩ እዮም።

ከምዚ ዝስዕብ ክትገብሩ ኣለኩም፥

- ብዙሕ ፈሳሲ ስተዩ
- ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ዕረፍትን ድቃስን ርኸቡ
- ንቃንዛ ጎረሮ ወይ ሰዓል ኣብ ምህዳእ ክሕግዘኩም መጥለሊ ወይ ብውዑይ ማይ ሰብነት ምሕጻብ ፈትኑ

## እንተድኣ እናተጓዓዝኩ ከለኹ ወይ ድሕሪ ምምላሰይ ሕማም እንተተሰሚዑኒ’ኸ፧

እንተድኣ እናተጓዓዝኩም ከለኹም ወይ ድሕሪ ምምላስኩም ሓሚምኩም፣ ምስ ካልኦት ርክብ ኣወግዱ ከምኡ ድማ ናብ Telehealth Ontario ብቑጽሪ ተሌፎን 1-866-797-0000 ደውሉ ወይ ንናይ ከባቢኹም ኣሃዱ ህዝባዊ ጥዕና ርኸብዎ። ከምዚ ዝስዕብ ንገርዎም፥

- ምልክታት ሕማምኩም
- ኣበይ ክትጉዓዙ ወይ ክትቕመጡ ከምዝጸናሕኩም
- እንተድኣ ምስ እንስሳታት ቀጥታዊ ምትንኻፍ ነይርኩም (ንኣብነት ናብ እንስሳታት ብህይወቶም ዝቕረብሉ ዕዳጋ እንተበጺሕኩም) ወይ ምስ ዝሓመመ ሰብ ጥቡቕ ርክብ ኣንተነይርኩም።

እንተድኣ ናብ ካናዳ ብነፋሪት እናመጻኹም ወይ ምስ በጻሕኩም ሕማም ተሰሚዕኩም፣ ነታ ኣሰላፊት በረራ ወይ ንበዓል መዚ ናይ ካናዳ ኣገልግሎታት ዶብ ሓበሩ።

ብዛዕባ ምስቲ ናይ 2019 ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ዝዛመዱ ናይ መገሻ ምኽርታት ንምፍላጥ ኣብዚ ዝስዕብ ብጽሑ፥ [travel.gc.ca/travelling/advisories/pneumonia-china](travel.gc.ca/travelling/advisories/pneumonia-china).

## እንተድኣ እቲ ቫይረስ ኣለኒ ኢለ ዝሓስብ ኮይነ እንታይ ክገብር ኣለኒ፧

እንተድኣ ምልክታት ናይቲ ናይ 2019 ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ኣማዕቢልኩም ሕክምናዊ ምኽሪ ንምርካብ ናብ Telehealth Ontarioብቑጽሪ ተሌፎን 1-866-797-0000 ደውሉ ወይ ንናይ ከባቢኹም ኣሃዱ ህዝባዊ ጥዕና ርኸብዎ።

ምልክታት ሕማምኩምን ናይ መገሻ ታሪኽኩምን ምንጋርኩም ኣረጋግጹ ነተን ዝበጻሕኩመን ሃገራት ዘጠቓለለ።

እንተድኣ ቀጥታዊ ሕክምናዊ ቆላሕታ ዘድልየኩም ኮይኑ፣ ናብ 911 ደውሉ ናይ መገሻ ታሪኽኩምን ምልክታት ሕማምኩምን ከኣ ንገሩ።